# ምልኪ ወዚሉ

ሰንከልከል ኢሉ
ምርኩስ ሓዙሉ
ከይወድቀኩም ናሕ ኢሉ
መሬት መድምድሉ፣ ክረግጽ ደልዲሉ
ውቃቤኡ ተተመልሶ ሽንፋእ ንጸጉሉ
ንሱ’ኳ ኣሉ’ዩ ዝብሎ ንኹሉ
ሓማዩ’ድኣ ከይትብሉኒ እምበር
ሎምስ ኣዝዩ ወዚሉ

እስከ በሉ ንሃቦ ክልተ ካብ ሚእቲ
ባህ ተሎ ይፍቀደን ተን ሰልዲ በብሓንቲ
ጎዲለን እንተበለን ኣነ ይውስኽ ሓንቲ
ዝተረፋ ይኽፍልወን ሰብ ኣባይቲ
ሃሰው ምባል’ዶ ክጠፍኦ ኢሉ ታሕቲ ታሕቲ
ሓምሳ ሽሕ’ውን ይብል ኣሎ ካብ ስድራ ሃደምቲ
ተኣኪበን ነፍጢ መሸመቲ
ክንደይ’ኳ ጥዕና ከይህቦኦም ነቶም ደቀቕቲ
ሎሚ’ቕነ እንዶ’ሞ በዚሖም በቀቕቲ
በጀካ ንጁባይ፣ ዘይብሉ ንመንግስቲ
ነዴኺ ማይ ውረድላ ኰይንዎ ደገዝማቲ

እንድዕሉ ደገዝማቲ’ውን ሎምስ ኣይከምቀደሙን
እርጋን’ድዩ መሳርሕቲ ስኢኑ ሰብ እሙን
ጠባዩ ይቐጥን ኣሎ ኣብ ሰሰሙን
ሓንሳብ ምስ ብጾቱ እናዳሕ ሓንሳብ ምስ ኣቡን
ሓንሳብ ሰብ ይዳጕን ብዘይ ዕርቡን
ደምበር’ዶ ይፈልጥ’ዩ ሎምስ ልቡን ቀልቡን
ነቲ ቅዋም’ኳ ነዊሕ ኣለና ካብ ዘይንሰምዖ ትንፋሱን ህጣሙን
ሎሚ’ቕነ ግን ኣምጺኡሎ ቅለዉለይ ቡን
ሃንዛ ጌርኩም ጽብሑለይ ጸብሒ ኣቡን
ሃንቀው ይብለኒ’ሎ ሽታ ሌሙን
እንድዕሉ ኩሉ ጠጥዕሙ ይብለኒ’ሎ ዊን ዊን
ኣብ ልበይ ክምለስ ከይከውን
ክታዓረቕ ምስ እዝግን ሰብን
ማይ እስከ ንጸጕለይ ጸውዑለይ’ክኣ ነቲ ሕቡስ ኣቡን
ኣነስ ክናሳሕ ይደሊ ኣለኹ ብጸሎትን ጾምን
ሓንቲ ቃል ግን እተዉለይ ንልበይ ዘእምን
ከይመጸኒ እቲ ዘኾሪ ትንፋሰይ ዘማህምን
ኣይትዘክሩለይ ናይ ድሩዕ ናይ ወዲ ሰለሙን
ክዱን ብኣፈ ስላሰ ኣይትኽፈቱ ጥዑዩን ሕሙሙን
ኣነየ ዝፈልጦ ሕቡእን እርኑብን
ናይ መንካዕ ኣይተልዕሉ፣ ኣይተልዕሉ ናይ የሚን
ደም ብዝሒ ገይረ ኣለኹ ንጥዕናይ ዘይከውን
ሓኪም ኣይትብላዕ ኢልኒ በርበረን ጨውን
ሕጂስ ይስከፍ ኣለኹ ታሪኽይ ከይኸውን ከም ኢድኣሚን

ሰለሙን ይከኣሎ
1/2008
sykealo@yahoo.de